**ንኹሉ ኲነታት ዝጠቓልል ሓደ ቅኑዕ ፍታሕ ጥራይ የሎን።** ኩሉ ግዜ ሕጉሳት ቈልዑ ክህልዉኹም እቲ ዝበለጸ ምኽሪ፡ ከም ወለዲ መጠን ኣብ ምዕባይ ቈልዑ ንጡፍ ምሟንን ኣብ ጐድኖም ምህላውን እዩ።

ብወገንና፡ ደቅኹም ጽቡቕ ከም ዘለዉ ንምርግጋጽ ክትጥቀሙሉ እትኽእሉ ሓደ ቅልል ዝበለ መምርሒ ኣዳሊና ኣለና።




**ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።** ሓገዝ ብምሕታት ንውላድኩም ይኹን ንስድራቤትኩም ዝሓሸ መጻኢ ክተውሕሱ ትኽእሉ ኢኹም። ሓገዝ ምሕታት ዘሕፍር ወይ ሓደገኛ ነገር ኣይኮነን። ሓገዝ ክትሓቱ ከለኹም ንቁዕ ኣቦ ወይ ንፍዕቲ ኣደ ምኧንኩም'ዩ ዝሕብር። ንኹላትና ሓገዝ ዘድልየና እዋን ኣሎ።

**ስክፍታ ኣብ ዝህልወኩም እዋን ምስ'ዞም ዝስዕቡ ክትራኸቡ ትኽእሉ፡**

| |
|---|
| ሶስያልላረር (sosiallærer)፡ ናይ ክፍሊ መምህር ወይ ኣብ መባእታዊ ቤትትምህርቲ ሓላፊት ክንክን ጥዕና። |
| ማሪየ ፒላተ፡ ስድራቤትን ማእከል ንጥፈታትን  familie og aktivitetssenter ቍጽሪ ቴለፎን፡ 920 34 629 |
| ኣገልግሎት ድሕነት ቈልዑ/Barnevernet ኣብ ባሩም ቍጽሪ ቴለፎን፡ 67 50 68 00 |
| ኣወሃሃዲ ምክልኻል ኣብ ፖሊስ/ Forebyggende koordinator i Politiet ቍጽሪ ቴለፎን፡ 67 57 69 12 |
| ሕብረተሰባዊ ኣወሃሃዲ ኣብ ምክልኻል ገበን (SLT) ኣብ ኮሙነ ባሩም ቍጽሪ ቴለፎን፡ 67 50 32 15 |
| ናይ ደገ ርክባት/ Utekontakten ቍጽሪ ቴለፎን፡ 67 55 10 20 |
| ናይ ህጹጽ ቍጽሪ ቴለፎን ንቈልዑ፡ መንእሰያትን ወለድን፡ 116 111 |

**እቲ ዘተ፡ ምኽሪ፡ መምርሒን ምክትታላዊ ዝርርብ ምግባርን ምስቲ ብድሆታት ናይ ንኡስ ዝዕድመኦም መንእሰያት ኲነታትን ዝዛመድ እዩ።**

© 2015 Innvandrerorganisasjonene i Bærum

# ናይ ወለዲ ኣማኻሪ

## ኣብ ባሩም ብውድብ ስደተኛታት ዝተዳለወ
## - ካብ ወለዲ፡ ንወለዲ



**ንስኻትኩም ከም ወለዲ/መጉዚ/ት መጠን ደቅኹም ኣብ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ከባቢ ንኸይኣትዉ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?**

BÆRUM KOMMUNE

SLT

POLITIET
ASKER OG BÆRUM POLITIDISTRIKT

## ቀጠልያ

ኣፍልጦ ናይ ቤትትምህርቲን መጽናዕቲ ትምህርቲ/ ዕዮ ገዛን ኣሎኩም። ንካልኦት ወለዲ ትፈልጡዎም ኣብ ኣኼባታት ቤትትምህርቲ ኸኣ ትሳተፉ።

---

ንውላድኩም ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ትምህርቲ ብኸመይ ከም ተበርትዑዎ ኣፍልጦ ኣሎኩም።

---

ናይ ውላድኩም ኣዕሩኽን/መሓዙትን ወለዶምን ትፈልጡዎም።

---

ውላድኩም ኣብ ናጻ ግዜኡ ይኹን ኣብ ናይ ቤትትምህርቲ ዕረፍቲ ግዜ  ብንጥፍነት ይጥቀመሉ፡ ወለዲ ኸኣ ኣብቲ ንጥፈታት ውላድኩም ተሳተፍቲ ኢኹም።

---

ምስ ደቅኹም ብዙሕ ግዜ ብሓንሳብ ተሕልፉ፡ ምስኣቶም ኣብ ትህልዉሉ እዋን ድማ ሕጉሳት ኢኹም።

---

ውላድኩም ኣብ ኢንተርኔት ይኹን ኣብ ሞባይል እንታይ ከም ዝገብር/ትገብር ኣፍልጦ ኣሎኩም።

---

ደቅኹም ካልኦት ተመሃሮ ዝድህልዎም እንተኹይኖም ወይ ከኣ ንሳቶም ንካልኦት ዝድህሉ እንተኾይኖም እንታይ ክትገብሩ ከም ዝለኩም ትፈልጡ ኢኹም።

---

ብዛዕባ ስድራኹም ስክፍታ ምስ ዝህልወኩም ብኸመይ ኣገባብ ሓገዝ ክትረክቡ ከም ትኽእሉ ኣፍልጦ ኣሎኩም።

ዝኾነ ዘስክፍ ምኽንያት የብልኩምን።

## ብጫ

ኣፍልጦኹም ብዛዕባ ቤትትምህርቲ፡ ዓይነታት ትምህርትን ካልኦት ወለድን ኣሉታዊ እዩ።

---

ናይ ውላድኩም ነጥቢ ንምምሕያሽ ኣበይ ሓገዝ ክትረኽቡ ከም ትኽእሉ ኣይትፈልጡን።

---

ናይ ውላድኩም ኣዕሩኽ/መሓዙት ኣይትፈልጡዎምን።

---

ውላድኩም ኣብ ግዜ ዕረፍቲ እንታይ ከም ዝገብር/ትገብር ኣይትፈልጡን።

---

ምስ ውላድኩም ኣብ ናጻ ግዜ ወይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ግዜ ውሑድ ግዜ ጥራይ ትርከቡ።

---

ደቅኹም ኣብ ኢንተርኔት ወይ ኣብ ሞባይል እንታይ ከም ዝገብሩ ኣይትፈልጡን።

---

ደቅኹም ኣብ ጠባዮም፡ ኣከዳድናኦም ይኹን ኣዘራርባኦም ለውጢ ክገብሩ ከለዉ ተስተብህሉ ግን ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበሩ ኣይትፈልጡን።

---

ውላድኩም ኣብ ዝተባህሎ/ዝተባህላ ናይ ቈጸራ ግዜ ንገዛ ኣይመጽእን/ኣይትመጽእን።

---

ናይ ውላድኩም ብኮራት ኣብ ቤትትምህርቲ ክብ ይብል።

---

ውላድኩምን ንስኹምን ትገብሩዎ ዝርርብ ውሒዱ ከም ዘሎ ተስተብህሉ።

እዚ ዘሰክፍ ኮነታት እዩ። ምስ ውላድኩም ተዘራረቡ፡ ምኽርን መምርሕን ድማ ሕተቱ።

## ቀይሕ

ምስ ቤትትምህርቲ ይኹን ወለዲ ተመሃሮ ወይ ድማ ኣዕሩኽ/መሓዙት ውላድኩም ዝኾነ ርክብ የብልኩምን።

---

ውላድኩም ምሳኹም ርክብ የወግድ/ተወግድ፡ እቲ ዝነግረኩም ነገራት ድማ ሓሶት ምዃኑ ትፈልጡ ።

---

ደቅኹም  ንስኻትኩም ብዘይሃብኩሞም  ገንዘብ  ዝተገዝአ ነገራት ሒዞም ትርእዩዎም።

---

ውላድኩም ኣብ ዝተባህሎ/ዝተባህላ ናይ ቈጸራ ግዜ ንገዛ ኣይመጽእን/ኣይትመጽእን።

---

ውላድኩም ኣብ ቤትትምህርቲ ብዙሕ ብኮራት ኣለዎ/ኣለዋ።

---

ውላድኩም ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ናይ ጠባይ ምቅይያር ኣርእዩ/ኣርእያ።

---

ውላድኩም ብዘይ ትፈልጡዎ ምኽንያት ብዙሕ ግዜ ኣብ ኦስሎ ይርአ/ትርአ።

እዚ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኮነታት እዩ። ሓገዝን ምኽርን ክትረኽቡ ምሕታት ግዜ ኣይትቕተሉ/ኣይትጸበዩ።